# ደምዳሚ ኣዋጅ ቀዳማይን መስራትን ጉባኤ
# ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ጅግና ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ!
ጽኑዓት ተቓለስቲ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ኣዕሩኽን ኣሕዋትን!

"ሰልፍና ፈረ ለውጢ ኣተሓሳስባናን'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝጀመረ መስራትን ቀዳምይን ጉብኤ ብዓወት ተዛዚሙ።

እዚ 25 ሓምለ 2008 ዝተጀመረ፡ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝመጹ ልዕሊ 123 ዝኾኑ ጉባኤኛታትን ብርክት ዝበሉ ካብ እተፈላለየ ሃገራት ዝመጹ ተዓዘብትን ተሳቲፈሞ ነበሩ።

ጉባኤ ብቃል ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ምስረታ ሰልፊ ብወግዒ ተኸፊቱ። ኣብ ስነ-ስርዓት መኽፈቲ ጉባኤ ወኪል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ወከልቲ እተፈላለያ ውድባት፡ ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ሰንዓ ፎርምን ተረኺቦም ናይ ደገፍ መልእኽቶም ኣመሓላለፉ። ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንኣበርክቶ ውድቡ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሰፊሑ ገሊጹ። ጉዕዞ ውድብ ብክብሪ ከም ዝተዛዘመን፡ ኩሎም ኣባላቱን ዓቕምታቱን ናብዚ ምስ ካልኦት ተቓለስቲ ኮይኑ ዘቘሞ ዘሎ ሰልፊ ከም ዝተሰጋገረ ኣፍሊጡ። ኣቦ መንበር ሓባራዊ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ብወገኑ መስርሕ ምስረታ ሰልፊ ዝሓለፎ ጉዕዞ ብሰፊሑ ንጉባኤኛታትን ኣጋይሽን ገሊጹ። ጉባኤ ካብ ውሽጡ ሸውዓተ ዝኣባላታ ሰክረታርያ ብምምራጽ ስራሓቱ ጀሚሩ። ጉባኤ ከም'ዚ ኢሉ ድሕሪ ምጅማሩ ኣብ ሓሙሻይ መዓልቱ ብዕለት 30/07/08 መሪሕነቱ ብምምራጽ ስርሓቱ ደምዲሙ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንጠለብ ለውጥን ምሕዳስን ክምልስ እተመስረተ ሰልፊ እዩ። ሃገርና ነጻ ወጺኣ ኣብ ሓድሽ ፖለቲካዊ መድረኽ ድሕሪ ምእታውና ነቲ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና እተጠረየ ኣሉታው ኣተሓሳስባን ኣወዳድባን ኣገባብ ኣተሓሕዛ ሽግራትን ወጊድካ፡ ብተሓደሰ መንገዲ ንዕማም ዳግመ ህንጻ ሃገር ምትሕሓዙ የድሊ ነበረ። ይኹን እምበር እቲ ኣብ ሃገርና ስልጣን ዝሓዘ መላኺ ስርዓት ቀጻሊ ኣሉታዊ ተሞክሮ ሓርነታዊ ቃልስና ክኸውን ስለ ዝመረጸ ኣብ ሞንጎ ኤርትራውያን ክህሉ ዝግብኦ ናይ ዕርቅን ልዝብን መስርሕ ተዓንቂፉ ንሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ዝምችእ ኩነታት ክፍጠር ኣይከኣለን። እተን ነዚ ዘይምቹእ ኩነታት ክቕይራ ዝቃለሳ ዘለዋ ተቓውምቲ ውድባት ውን ካብቲ ኣሉታዊ ሕጽረታት ክወጻ ኣይከኣላን። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ውሽጢ እዚ ኩነታት እዚ ብምውጻእ ካብቲ ኣሉታዊ ተሞክሮ ተማሂሩ ካብቲ ኣወንታ ውን ከሲቡ ንቕድሚት ክስጉም ወሲኑ እተበገሰ ሰልፊ ምኻኑ የበስር። ከምዚ ዝመስል ውሳኔ ግን ብደገፍን ተሳትፎን ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝዕወት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ኤርትራ ድማ ብፍላይ ንቅዱስ ዕላምኡ ክድግፉ ይጽውዕ።

ተቓላሳይ ህዝብና!

ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ፍሉይ ፖለቲካዊ ኩነታት ኣዩ ተቓኒዑ። ጉባኤ ሰልፍና፡ ዓለምናን ዞናናን ብኣዝዮም ሃወኽቲ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ግርጭታት ኣብ እተዋሕጠሉ፡ ምስኡ ድማ ግርጭታት ዝፍትሓሉ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ እቲ ዝግባእ ቦታ ኣብ ዘይረኸበሉ፡ ዓመጽን ውግእን ኣብ ዝገነሉ ኩነታት ምህላውና፡ ብኤርትራዊ መዳይ ውን እቲ ንዓመጽ ከም ቀንዲ መሳርሒኡ ጌሩ ዝጥቀም መላኺ ስርዓት ኤርትራ ንውሽጣዊ ተቓውሞታትን ንጐረባብቲ ሃገራትን ዝህድድ ቅዋማቱ ጌና ኣብ ዘየስተኻኸለሉ ኩነታት ብሓደ ሸነኽ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ደምበ ተቓውሞ እቲ ዝጸንሐ ዘይምርድዳእ ወጊኑ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብሓዲሽ መንፈስ ኣብ ዝተላዕለሉ እዋን'ዩ ተኻይዱ።

ተቓላሳይ ህዝብና

መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዓለማውን ሃገራውን ኩነታት ብጉቡእ ገምጊሙ ኣገደስቲ ንቓልስና ንቕድሚት ዝድፈኡ ኣገባብ ኣቀላልሳን ቅርጺ ኣሰራርሓን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ኣጽዲቑ ኣሎ።
እቲ ቀዳማይ ዓወት ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ምንጻር ራእይናን ናይ ርሑቕ ዕላማናን ነበረ። ኣብ ዝሓለፈ ቃልስታትና ነቲ ናይ ርሑቕ ራእይ ጉቡእ ቱኽረት ከይሃብካ ኣብ ሓጺር መደባት ግዜኻ ምጥፍእ ጉጉይ ምንባሩ ድሕሪ ምስማር፡ ኩሉ ቃልስታትና ብምንጻር ርሑቕ ዕላማና እናተመልከትና ብትዕግስትን ብተባላሓትን ኣገባብ ክንቃለስ ብቁዕ መደባት ቀየሰ።
ንዕላማታትና ንምዕዋት እንኸተሎ ኣገባብ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ክኸውን ነዚ ኣገባብ ኣቀላልስና ዝዕንቅፍ ኩሉ ድማ ብተዓጻጻፍን ውሕሉልን ኣገባብ ክግጠም ንመሪሕነት ምሉእ ሓላፍነት ኣሰከመ።
ጉባኤ 39 ኣባላትን ኣርባዕተ ተጠባበቕትን ማእከላይ ባይቶ ካብ ውሽጡ ብዲሞክራስያዊ መንገዲ መረጸ። ካብዚኦም 9 ኣባላት ሰክረታርያ ዝኾኑ 17 ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ክምረጹ ወሰነ።
ኣብ ቤት ጽሕፈታት ሰክረታርያ ንግደን ተሳትፎን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዘዕዝዝ ቅርጻ ኣተኣታተወ።
ጉባኤ ዓቕሚ ኣባላትን ህዝብን ክብ ንምባል ዘገልግል ክፍሊ ፖለቲካዊ ትምህርትን ምልመላን ብደረጃ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰክረታርያ ኣቖመ።

ከምኡ ውን ንስርሓት ሰልፊ ኣብ ምቁጽጻርን ኣብ ምጽፋፍን ሓጋዚ ተራ ዝህልዎ ናይ ምቁጽጻርን ተፍትሽን ክፍሊ ኣቖመ።

ንስትራተጂካዊ ፖሊስታት ዘጽንዕ ብምሁራትን ምኩራትን ዝቐውም ክፍሊ ክህሉ ወሰነ።

ተቓላሳይ ህዝብና

መስራትን ቀዳምይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ጨቛኒ ስርዓት እትሓልፎ ዘላ ኩነታት ብጉቡእ ድሕሪ ምምዛን ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታትን ጻዋዒትን ኣሕለፈ።

1) ምልካዊ ስርዓት ህግድፍ ንብሕታዊ ንግዲ ነጻ ዕዳጋን ሓኒቑ ብምሓዝ ብፈጢርዎ ዘሎ መንግስታዊ ግበታ ኣብ ልዕሊ ምጣነ ሃብቲ ሃገር ዓብይ ዕንወት ከምዘኸተለ ጉባኢ ሰልፊ ርእየ። ነዚ ኩነታት እዚ ንምዕጻፍ ከኣ ህዝቢ ብኹሉ ዓቕሙ ክለዓል ይጽውዕ።

2) እቲ ገደብ ዘይብሉ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፍለጥ ዘይፍትሓዊ ውትህድርና ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕን ብሰበቡ ዝፍጠር ዘሎ ሽግርን ሞትን ስደትን ደው ንምባሉ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክለዓለሉ ይምሕጸን
3) ስርዓት ህግድፍ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ኣብ 2006 ዓ.ም ብወግዒ ምፍራሱ፡ ህግድፍ ኣብ ትምህርትን ምሁራትን ዘለዎ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ክመጽእ ዝጸንሐ ተጻብኦ ምኻኑ የመልክት። ጉባኤ ነዚ ኩነታት እዚ ብምምዛን ንተግባራት ህግድፍ ብትሪ ይኹንን። ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝርከብ ህዝብና ብሓፈሻ ብዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝሓለፉ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ እታ ዩኒቨርስቲ ንቡር ስርሓ ክትጅምር ጸቕጥታት ክገብሩ ጉባኤ ይጽውዕ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንተግባራት ህግድፍ ንምቅላዕ ኣብ ዓለማዊ ማሕበረሰብ ብጻዕቂ ክንቀሳቐስ ድማ ይውስን
4) ስድራ ቤት እታ መሰረታዊት ኣህዱ ሕ/ሰብና ብምኻና ጥዕና ስድራቤታት መዐቀኒ ጥዕና ሕ/ሰብና እዩ።ናይ ሰላምን ዕብየትን መንጸፍ ሕጉስ ስድራቤታት እዩ።ይኹንእምበር ስርዓት ህግድፍ ኣብ ልዕሊ ሰድራቤታት ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ወትሩ ከካይድ ይርአ።ብዘይቅኑዕ ፖሊስታቱ ስድራቤታት ክበታተን ይርአ። ስለዚ ጉባኤ ህግድፍ ኣብ ልዕሊ ስድራቤታት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ዓመጽ ይኹንን።
5) እቶም ንዓመታት ብዘይፍርዲ ተኣሲሮም ዘለው ፖለቲካዊ ኡሱራት ብዘይ ቅድመ-ኩነት ብቕጽበት ክፍትሑ ይጸውዕ።
6) ጨቛኒ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣገዲዱ ብዘይሕጊ ዝእክቦ ዘሎ ገንዘብ ንስቅያት ህዝብና ዘናውሕ ስለ ዝኾነ ብቕጽበት ደው ክብል ንኹሎም ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝሳተፉ ኣካል ህዝብና ይጽውዕ

መስራትን ቀዳማይን ጉባኣኤ ሰልፊ ኤርትራ፡ ንኹለን ኣሓት ውድባት ኤርትራ ንጉዕዞ ምምስራት ሰልፍና ክገብርኦ ዝጸንሓ ምትብባዕ የመስግን፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ መኽፈትን መዕጸውን ጉባኤና ግዜኦም ሰዊኦም ከተባብዑና እተሳተፉ ወከልቲ ውድባት ምስጋንኡ የቕርብ። ብፍላይ ድማ፡ ንተዓዘብቲ ኣብ መላእ ስርሓት ጉባኤ ተሳቲፎም ንዝገበርዎ ኣበርክቶ የመስግን።

ኣብ መወዳእታ፡ መስራቲ ጉባኤ ሰልፊ ነቲ ኣብ ሃገርና ዝተሓረመና ጠቕላላ ሰብኣዊ መሰላት፡ ካብኡ ድማ ኣኼባ ናይ ምግባር መሰል፡ ኣብ ሃገሩ ከነካይድ ንዘፍቀደልና መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ የመስግን። ምስ ሓው ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ምስ ሓው ህዝቢ ትግራይ  ድማ ብፍላይ ብሰሪ ስርዓት ህግድፍ ዝተወልዐ ውግእን ኣብ መንጐ ኣህዛብ ክልቲኡ ሃገራት ዝሰዓበ ሞትን ስንክልናን ብርሰትን ጓሂኡ ኣናገለጸ፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ቁስልን ጽልእን ንምሕዋይ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ቱኽረት ሂቡ ክንቀሳቐስ ወሲኑ

ንለውጥን ምሕዳስን ንቃለስ!

ዓወት ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ዓወት ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን!
ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት!
ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስዉኣትና!

30 ሓምለ 2008